ኣብ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ምምሕዳር ከ/ዓድዋ
በትግራይ ጊዜያዊ መንግስት ዓድዋ ከተማ አስተዳደር
ቤት ፅሕፈት ዓ/ሕጊ ከተማ ዓድዋ
የዓድዋ ከተማ ዓቃቤ ሕግ ፅሕፈት ቤት

ቁፅሪ/ቁጥር 125 | 4U | 2018

ኣብ ቤት ፅሕፈትና ኣብ ቅድመይ ከምዝፈረመ የረጋግፅ።
በፅህፈት ቤቱ እኔ ፊት ቀርበው ፈርመዋል።

ዕለት/ቀን 06 | 9 20 18 ዓ/ም

እማኑኤል መብራሀቱ ኪዳኑ
ዓ/ሕጊ

ኣብ ግዝያዊ መንግስቲ ትግራይ * ቤት ፅሕፈት ዓ/ሕጊ ከተማ ዓድዋ ምዝገባን ምርግጋፅን ሰነዳት *

ማሕበር ዓለም ለኸ ሕብረት ዓድዋን ከባቢኣን

# ደንቢ ቁፅሪ ______ /2018 ዓ/ም

# መመስረትን መተሓዳደሪ ደንቢ

ግንቦት 2018 ዓ/ም

ከተማ ዓድዋ

2. 3 4 5

# ማሕበር ዓለም ለኸ ሕብረት ዓድዋን ከባቢኣን መተሓዳደሪ ደንቢ

## ዓንቀፅ 1. ሽም ማሕበር

ማሕበር ዓለም ለኸ ሕብረት ዓድዋን ከባቢኣን

## ዓንቀፅ 2. መእተዊ

ነዚ ማሕበር ክንምስርት መበገሲ ዝኾነና ምክንያት ናይ ዓድዋን ከባቢኣን ማሕበረሰብ ቅድም ኢሉ ካብ ዝነበሮ ክብሪ ፣ ጅግንነትን ስልጣነን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እንዳተሸርሸረ ፣ እቲ ታሪኹ ብካሊእ ክምንጠል እንዳተገበረ፣ ብካልኦት ህዝብታት ተፅዕኖ እንዳበፅሖን ተሸቁሪሩ ክነብር ይግበር ምህላዉን ተረዲእና ንሕና ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እንርከብ ናይ ዓድዋን ከባቢኣን ተወለድቲ እቲ ኣብ ማሕበረሰብና ገጢሙ ዘሎ ፀገም ብኣግባቡ ተረዲእና ካብ ደገን ውሽጥን ዘጋጥመና ዘሎ ሓደጋ ተከላኺልናን ኣሪምናን ዝለመዐን ሞራሉ ዝተሓለወን ማሕበረሰብ ክህልወና ሓሲብና ንምስርቶ ዘለና ማሕበር እዩ።

## ዓንቀፅ 3. ኣድራሻ:-

1. ክልል ትግራይ ዞባ ማእኸል ወረዳ ከተማ ዓድዋ
2. ናይዚ ማሕበር ቤት ፅሕፈት ማእኸላይ ቦታ- - - - - - - - - - - ዓድዋ ቤት ፅሕፈት
3. ናይዚ ማሕበር ኣርማ፣ ናይ ማሕበርና ራእን ዕላማን መሰረት ዝገበረ ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 4. ራእይ፥ ልኡኽ፥ ዕላማን ተግባርን

4.1. ራእይ:-

ብዓለም ደረጃ ዝነበረና ስልጣነን ቅቡልነትን እናተዳኸመ ብምኻዱ ሓድነትና ብምጥንኻርን ክብርታትናን ስልጣነናን ናብ ዝነበርናዮ ስልጣነ በፂሕና ናይ ዓድዋን ከባቢኣን ማሕበረሰብ ዝተከበረን ዝለምዐን ኮይኑ ምርኣይ፡፡

4.2. ልኡክ:-

ናይ ዓድዋን ከባቢኡን ልምዓት ዝበለፀ ኣስተዋፅኦ ኣብ ዘለዎም ስራሕቲ ብምውፋርን ብኡ ኣቢልካ ንማሕበረሰብ ዓድዋን ከባቢኡን ዝለመዐን ክብሩ ዝተሓለወን ክኸውን ምስራሕ፡፡

4.3. ዕላማ:-

ታሪኻዊ ትሕዝቶ ኣውራጃ ዓድዋ ማእኸል ምሕደራ፣ ባህሊ፣ ዲፕሎማሲ፣ ንግድን እዮ ነይሩ። ይኹን እምበር ሕዚ እቶም ዝነበሩና ክብርታትን ተደማፅነትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳተሸርሸሩ ብምምፅኦም ማሕበረሰብ ዓድዋን ከባቢኣን ክግለል፣ ክጥቃዕን ተሸቁሪሩ ክነብርን ይግበር ስለዘሎ ማሕበር ዓለም ለኸ ሕብረት ዓድዋን ከባቢኣን ንመንነት ዓድዋን ከባቢኣን ንምክልኻል፣ ሓድነት ንምሕያል፣ ክብሪ ንምምላስ፣ ኣብ መላእ ዓለም

ዝርከቡ ማሕበረሰባት ዓድዋን ከባቢኣን ነዊሕ ዝፀንሕ ልምዓት ንምህናፅ ከም ሓላዊ ትካል ኮይኑ ዝሰርሕ እዩ።

ናይዚ መግለጺ እውን፡-

- ናይ ደገ ስግኣታት ምክልካል (Protection of External Threats)
- ውሽጣዊ ፀገማት ምእራም (Fixing Internal Issues)
- ዕብየትን ልምዓትን ዳግመ-ህንፀትን ምርግጋጽ /"Ensuring Growth, Development, and Reconstruction"
- ዓለማዊ ኣፍልጦን ትካላዊ ሓይልን ንምምላስ ዓሊሙ ዝሰርሕ ትካል እዩ።

ስለዙይ፥

- ተወለድቲ ዓድዋን ከባቢኣን ካብ ግዳማዊ ሓደጋታት ምንቃሕን ምሕላውን ምስራሕ።
- ውሽጣዊ ምሕደራን ኣፈታትሓ ግጭታትን ምጥንኻር።
- ኣብ መላእ ዓድዋን ከባቢኣን ንዝርከብ ማሕበረሰብ ዝተዋደደ ልምዓትን ሕውየትን ምድንፋዕ።
- ዘይ ወገናዊነት፡ግልፅነት፡ሓድነትን ምርግጋጽን ባህላዊ ክብርታት ምሕላው።
- ትካላዊ ብዝኾነ መንገዲ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ሞያዊ ድጋፍን ምኽርን ምሃብ።

### 4.4. <u>ዝርዝር ተግባራት</u>

ስትራተጂካዊ ቀዳምነት ዝወሃቦ ቅርጺ

1. ናይ ቀዳማይ ቀዳምነት– ግዳማዊ ስግኣታት ምክልኻል
   - ፖለቲካዊ ድራኸ ዘለዎ ናይ ዕልኢ ዘረባን ግጉይ ሓበሬታን ብሓቀኛ ሓበሬታ ምትካእ።
   ንመንነትን ኢኮኖሚያዊ ምርግጋእን ዓድዋን ከባቢኣን ዒላማ ዝገበረ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ ምክልኻል።
   - ምሕላው ሓድነት፣ ኽብሪን ማሕበረሰባት ዓድዋን ከባቢኣን።

2. ካልኣይ ቀዳምነት– ምእላይ ውሽጣዊ ድኽመታትን
   - ውሽጣዊ ክፍተታትን ዘይቡቑዕነትን ምፍታሕ።
   - ኣብ መንጎ ትካላት ምውህሃድ ምጥንኻር።
   - ርክብን ግልፅነትን ምምሕያሽ።
   - ግጭታት ምሽምጋልን መዋቕራዊ ዕገናታት ምጥኻር።
   - ትካላዊ ስነ-ስርዓትን ሓድነትን ምህናፅ።
   - ዓቕሚ መዕበዩ ሞያዊ ስልጠናታት ምሃብ።

3. ሳልሳይ ቀዳምነት– ልምዓትን ናይ ነዊሕ ግዜ ዕብየትን ዳግመ-ህንፀትን ሕውየትን
   - ስራሕ ምፍጣርን፣ ኢንቨስትመንትን ቁጠባዊ ምዕባለን ምድንፋዕ።
   - በዓል ዓወት ዓድዋ ምንጪ ልምዓትን ቱሪዝምን ክኸውን ምግባር።
   - ማእኸል ሳይንስን ቴክኖሎጅን ምርምርን ምምስራት።
   - ኣርተፈሻል ኢንተለጀንስ (AI) ምትእትታውን ዓቕሚ መዕበዩ ስልጠናታት ምሃብን።
   - ምሁራን ፈጠራን ምሕጋዝ፥ ምርምርን ፕሮጀክትን ምስራሕን ምድጋፍን።
   - ሽርክነትን ምሕዝነትን ምጥንኻር።
   - ፀጋታት ቱሪዝም፣ ባህልን ተፈጥራዊ ሃፍትታትን ናብ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ምቕያር።



1. 2. 3. 4. 5.

## ዓንቀፅ 5. ኣብ ስራሕትና እንኹተሎም ኣግባባትን መዋቕርን

5.1 እሙናት ወከልቲ ዝሓቖፈ መርበብ ዝተረጋገፀ እዋናዊ ሓበሬታ ዝህብ ይህሉ፣ ናይ ምውህሃድ ደገፍ ፣ ትልምን ዕብፃብን ዝከናወን ይኸውን። ከምኡ'ውን ማሕበረሰባዊ ርድኢታት ዘለዎም ኣባላት ይህልዉ።

5.1.1. ተዋፀኦ ኣባላት፣
- ወኪል መንግስታዊ ኣብያተ-ፅዮ
- ወኪል ዘይመንግስታዊ ትካላት
- ወኪል ዲያስፖራ
- ወኪል ሽማግለ (ዓበይቲ ዓዲ)
- ወኪል መንእሰያት
- ወኪል ደቂ-ኣንስትዮ
- ወኪል መራሕቲ እምነት
- ወኪል ምሁራን/ ክኢላ
- ወኪል ተዓዘቢ ሰብኣዊ መሰላት
- ወኪል ሰብ-ሃፍቲ

5.2. ንኡሳን ኮሚቴታት
- ኣሃዱ ውሽጣዊ ምሕደራን ተሓታትነትን
- ሓይሊ ዕማም ልምዓትን ስራሕ ምፍጣርን
- ኮሚቴ ርክብ ኣብ መንጎ ማሕበረሰባትን ንቅሓት ህዝብን ልውውጥ ተሞክሮ ልምዓትን ፍልጠትን

5.3 ምሕደራ ፕሮጀክትታት

ኩሎም ዝስርሑ ፕሮጀክትታት ተሓታትነት፣ ግልፅነትን ሓላፍነታዊ ምሕደራን ንምርግጋፅ ብዝጥዕም ክስርሑ ይግበር

5. 4. ዓመታዊ ናይ ኣፍልጦ /ሽልማት/ ምሃብ መደብ

- ኣብ ዝስዕቡ ተግባራት/ኣበርክቶታት/ ዝነጥፉ ኣካላት ኣፍልጦ ምሃብ፣
  - ኣብ ልምዓታዊን ዳግመ-ህንጸትን ኣድማዒ ስራሕቲ ዝሰርሑ ኣካላት
  - ኣብ ሓድነት ህዝቢ ምጥንካርን ባህሊ ምዕቃብን ዝስርሑ ኣካላት
  - ኣብ መናእሰይን ደቂ-ኣንስትዮን ፍሉይ ጠለብ ዘድልዮም ኣካላት ምውዳብን ምንቃሕን ዝነጥፉን ዝድግፉን
  - ንማሕበረሰብ ዕቡቕ ግልጋሎት ዝህቡ ውዳበታትን ማሕበራትን

5.5. ሕጋውን ውሕስ ዝኾነ ኣሰራርሓን ምኽታል
- ፖሊሲ ምኽባር
- ምክልኻል መረዳእታ
- ኣገባባት ኣፈታትሓ ግጭታት

## ዓንቀፅ 6. መስረቲ ኣባላት

### 6.1. ዝርዝር መስረቲ ኣባላት

| ተ/ቁ | ሙሉእ ሽም | ዜግነት | ኣድራሻ | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ክልል | ዞባ | ወረዳ | ጣብያ | ስራሕ |
| 1 | ዮሴፍ ሃይለስላሰ ኣርኣያ | ኢ/ያዊ | ትግራይ | ምብራቅ | ክ/ውቅሮ | ደደቢት | ናይ ግሊ (ጠበቃ) |
| 2 | ሙሉ ገ/ሄር ተ/ሂወት | ኢ/ያዊ | ትግራይ | ማእኸላይ | ክ/ዓድዋ | 07/ ሓየሎም | ፋብሪካ |
| 3 | ኣረጋዊ ተ/ብርሃን ፀዳለ | ኢ/ያዊ | ትግራይ | ማእኸላይ | ክ/ዓድዋ | 07/ ሓየሎም | ባንኪ |
| 4 | ሃ/ማርያም ገ/ምካኤል ገ/ስላሴ | ኢ/ያዊ | ትግራይ | ማእኸላይ | ክ/ኣክሱም | 02/ክንደያ | NGO |
| 5 | ፀጋዘኣብ ገ/ማርያም ይሕደጎ | ኢ/ያዊ | ትግራይ | መቐለ | ዓዲ ሓቂ | ፅንዓት ወያነ | መቐለ ዩንቨርስቲ መምህር |

## ዓንቀፅ 7. ኣባል ማሕበር ንምኳን ዘድሊ ረቋሕታት

ሀ. ንኣባልነት ዘብቅዑ ረቋሕታት

- ኣብዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ንዝተቐመጡ መትከላት ዝቕበልን ዝፍፅምን።

1. ተወለድቲ ዓድዋን ከባቢኣን ዝኾኑ/ና።
2. ዕድመኦም/ኣን/ 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ/ና/።
3. ብጠቅላላ ናይቲ ማሕበር ጉባኤ ብዘውፀአ መምርሒ መሰረት ወርሓዊ ክፍሊትን መመዝገብን ዝኸፍሉ/ላ።
4. ካልኦት ብጠቕላላ ጉባኤ ዝውሰኑ ክፍሊታት ዝኸፍል/ላ።
5. ናይዛ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ዝተቀበለ/ት ፣ ብሕጊ መሰሉ ዘይተገፈፈ፣ ናይ ኣእምሮ ፀገም ዘይብሉ ዝኾነ ኣባል ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ዓንቀፅ 8. ናይ ኣባልነት ሕቶ ምቅራብን ክፍሊትን

ሀ. ንኣባልነት ዝቐርብ ሕቶ እቲ ማሕበር ብዘዳለወ ቅጥዒ ይኸውን።

ለ. ንኣባልነት ማሕበር ዘመልከቱ ኩሎም እቲ ማሕበር ዘቀመጦ መመዝገቢ ክፍሊት ዝኸፍል/ላ።

ሐ. ስራሕ ፈፃሚ ዝተቐበሎም ኣባላት ኣብ መደበኛን ህፁፅን ጉባኤ ብምቅራብ ክፀድቕ ይግባእ።

## ዓንቀፅ 9. ናይ ኣባላት መሰል

ሀ. እታ ማሕበር እትህቦ ግልጋሎትን ጥቅምን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

ለ. ኣብቲ ማሕበር ክመርፅን ክምረፅን ማዕረ ድምፂ ይህልዎ።

ሐ. . ናይታ ማሕበር ምንቅስቃስ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

መ. ብወድዓዊ ስራሕ ምኽንያት ኣብ ዘይተረኸበሉ ጊዜ ብውክልና ዘድሊ ናይ ጉልበት ስራሕ ይኹን ክፍሊት ናይ ምክፋል መሰል ኣለዎ/ይህልዎ/።

ሰ. ሓደ ኣባል ብሞት እንተፍለ ሕጋዊ ወራሲ ኣባል ኮይኑ ይቕፅል።



1. 2. 3. 4. 5.

## ዓንቀፅ 10. ናይ ኣባልነት ግቡእ

ሀ. ኣብ መተሓደደሪ ደንቢ ዝተቀመጠ ግቡኣት ዘኽብር
ለ. ማሕበር ዝሃቦቶ ዕለታዊ ስራሕ ዝፍፅም/ብጉልበትን ገንዘብን፣ፍልጠትን/
ሐ. ብሓላፍነት ዝወሃቦ ስራሕ (ስልጣን) ብተኣመማንነት ምስራሕ
መ. ብናይ ኣብዝሓ ድምፂ ተገዛኣይ ምኻን
ሰ. ናይ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ምክንኻን

## ዓንቀፅ 11. ካፒታል

ናይዚ ማሕበር መልዐሊ ካፒታል 100,000.00 ብር (ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ቅርሺ) ኮይኑ ፍልፍል እቶት ድማ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃእን ዘለውን ኣባላት እቲ ማሕበር ብዝገብርዎ መዋጮ እዩ፡፡

## ዓንቀፅ 12. ብዛዕባ ካብ ኣባልነት ምቁራፅ

ሀ. ብናይ ባዕሉ ሕቶ እንተቐሪቡ፤
ለ. ዝተፈላለዩ ናይታ ማሕበር መደብ፡ ተግባርን ዕላማን ወዘተ እንተጥሒሱን ብምኽርን መጠንቀቕታን ዘይምለስ እንተኾይኑ፤
ሐ. ካብ ናይ ማሕበር መዋጮ ንተኸታታሊ 3ተ ወርሒ ተሳትፎ እንተቋሪፁ፤
መ. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ጉድለታት ፈፂሙ ዝተረኸበ ኣባል፤ኣመራርሓ ናብ ጠቕላላ ጉባኤ (ኣኼባ) ብምቕራብ ንውሳነ ይቐርቡ ናይ መወዳእታ ውሳነ ብጠቕላላ ጉባኤ ዝውሰን ይኸውን።
ሰ. ዝተሰናበተ ኣባል ናይ ዝኸፈሎ ክፍሊታትን ንብረትን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን ኣይሓትትን።

## ዓንቀፅ 13. ናይ ማሕበር ጠቕላላ ኣኼባ ኣስያይማ ዝምልከት

ሀ. ናይ ማሕበር ጠቕላላ ኣኼባ/ጉባኤ/ ኣብ ዓመት 2ተ ግዜ ዝካየድ ይኸውን። ይኹን እምበር ኣድላይ ኮይኑ እንተርኪቡ ኣመራርሓ ኣካላት ብኣብዝሓ ድምፂ እንትውሰን ህፁፅ ኣኼባ /ጉባኤ/ ክፅውዕ ይኽእል እዩ።
ለ. ኣጀንዳ ዝረአ/ዝኸፈት ካብ ጠቅላላ ኣባል እቲ ማሕበር ልዕሊ ፍርቂ /50+1/ እንትርከብ ኮይኑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ትሕቲ /50+1/ ኣኼባ ፈሪሱ ኣብ ካልኣይ ግዜ ዋላ ልዕሊ ፍርቂ ኣይረኸብ ብዝተረኸበ ኣባል ክረአ ይግበር። ዝተወሰነ ውሳኔ እውን ናይቲ ማሕበር ውሳነ ይኸውን።
ሐ. ህፁፅ ኣኼባ ዘግድድ ጉዳይ እንዳሃለወ ኣመራርሓ ኣካላት እንተዘይፀዊያም ካብ ጠቅላላ ኣባላት 1/3 /ሲሶ/ ናይ ኣኼባ ሓሳብ/ሕቶ/ እንተቕርቡ ብዝምልከቶም መራሕቲ ማሕበር ህፁፅ ጉባኤ ክፅዋዕ ይግበር።

## ዓንቀፅ 14. ናይ ጠቕላላ ጉባኤ ስልጣንን ተግባርን

ሀ. ጠቕላላ ጉባኤ ዝለዓለ ናይ ማሕበር በዓል ሰልጣን እዩ።
ለ. ናይ ማሕበር መምርሒ ደንቢ ናይ ኣመራርሓ ውሽጢ ስሪት ሪኡ የፅድቕ።
ሐ. ነቲ ማሕበር ዝመርሑ ኣመራርሓ ኣካላት ካልኦት ንኡሳን ኮሚቴታት ይመርፅ ንምግባሩ የውድድ /ይስዕር/።
መ. ናይቲ ማሕበር ካፒታል ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ በጀት ይድልድል /ይምድብ/።
ሰ. ናይቲ ማሕበር ምንቅስቃስ ዝገልፅ ኦዲት ሪፖርት ይሰምዕ፥ በጀትን ጉልበትን ኣብ [illegible] ስራሕ ዝወዓለ ምኳኑ መርሚሩ ውሳነ ይህብ።
ረ. ነዚ ማሕበር ዘድልዩ /ዘገልግሉ/ ሓለፍቲ ይመርፅ።



1. 2. 3. 4. 5.

ተ. ሓደሽቲ ንዝኣትው ኣባላት ይኹን ካብ ማሕበር ንዝወፁ ኣባላት እንትህልዉ ብመምርሒ መሰረት ክኣትውን ክሰናበቱን ንዘኽእል መምርሒ የዕድቕ።

## ዓንቀፅ 15. ብዛዕባ ኣመራርፃ ኣመራርሓ ኣካላት ዝምልከት

ሀ. ኣመራርሓ ኣካላት ካብ ጠቕላላ ጉባኤ ዝምረፅ ኣካል እዩ።

ለ. ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ቁፅሮም 5 ይኸውን።

ሐ. ናይ ኣመራርሓ ናይ ስራሕ ዘመን 4 ዓመት ኮይኑ ሓደ ኣመራርሓ ናይ ስራሕ ብቕዓትን ቅንዕናን እንተሃልይዎ ብዘይ ግዜ ገደብ ክምረፅ ይኽእል እዩ።

መ. ሓደ ኣመራርሓ ጉድለት ክፍፅም እንተሎ ኣብ ዝኾነ ጊዜ በቲ ዝመረፆ ኣካል /ጉባኤ/ ክወርድ ይኽእል።

ረ. ኣመራርሓ ኣካላት ኣብ ናይ ኣኼባ ግዜ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።

ሰ. ኣመራርሓ ኣካላት ዝወሰንዎ ውሳኔ ብኣብዝሓ ድምፂ ክውሰን ኣለዎ ማዕረ ድምፂ እንትህሉ ኣ/ወንበር ኣብ ዘለዎ ዝለዓለ ድምፂ ይኸውን።

ሸ. ኣመራርሓ ኣካል ካብ ዝነበሮ ስልጣን ክወርዱ እንተለው ኣብ ናይ ስራሕ እዋኖም ዝፈፀሞዎ ስራሕቲ ክመርምሩ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 16. ናብ ሓላፍነት ንምድያብ ዘየብቁዑ ሮቛሕታት/መመዘንታት

ሀ. ብዕድመ ዘይበሰለ እንተኾይኑ /ትሕቲ 18 ዓመት/ እንተኾይኑ።

ለ. ካብ ማሕበር ዝወሰዶ ንብረትን ገንዘብን ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ብእዋኑ ዘይመለሰ እንተኾይኑ።

ሐ. ናይ ማሕበር ገንዘብ ኣባኺኑ እንተተረኺቡ።

መ. ብማሕበር ዝተወሃቦ ሓላፍነት ብቕንዕና ዘይፍፅምን ዘጓትትን እንተኾይኑ።

## ዓንቀፅ 17. ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ስልጣንን ተግባርን

ሀ. ብጉባኤ ዝተወሃበ ሓላፍነት ተቀቢሉ ናብ ስራሕ የዋፍር።

ለ. ናይ ስራሕ ትልሚ የውፅእ።

ሐ. ናይ ባዕሉ ውሽጠ ደንቢ ኣውፂኡ ኣብ ተግባር የውዕል።

መ. ናይ ማሕበር ዓመታዊ በጀትን ትልምን ኣውፂኡ ናብ ጠቅላላ ኣኼባ ንውሳነ የቕርብን እንትውሰን ድማ የተግብርን።

ረ. ናይ ማሕበር መዛግብቲ፣ ሒሳብ ሰነዳትን ፋይላትን ብግቡእ ይምዝግብ ቃለ-ጉባኤ ይሕዝ።

ሰ. ናይ ገንዘብ ኣተኣታትዋን ኣወፃፅኣን ደንቢ የውፅእ

ሸ. ምስ ካልኦት ማሕበር ርክብ ብምፍጣር ማሕበርና ኣታዊ እትረኽበሉ መንገድታት ምሂዙ ናብ ጉባኤ የቕርብ።

ቀ. ናይ ስራሕ ፍፃመታት ሪፖርት ናብ ጠቕላላ ጉባኤ የቅርብ።

በ. ብኦዲት ሪፖርት ዝተረጋገፀ ዝኾነ ገንዘብ ይኹን ንብረት ተቐፃፂሩ ኣብቲ ማሕበር ክውዕል ይገብርን ካልኦት ብጠቕላላ ጉባኤ ዝተወሰኑ ውሳኔታት ኣብ ተግባር የውዕልን።

ተ. ኣብ ኣባላት ዝተለዓለ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ መርሚሩ ፍታሕ ይህብ።

ቸ. ቁፃር ሰራሕተኛታት እንተድሊ ይቖፅርን የሰናብትን።



1. 2. 3. 4. 5.

## ዓንቀፅ 18. ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ውልቃዊ ሓላፍነት ዝምልከት

18.1 **ኣቦ ወንበር**

ሀ. ብኣብልጫ ድምፂ ይምረፅ።
ለ. ንኣመራርሓ ኣካላት ብላዕለዋይነት ይመርሕ።
ሐ. ነቲ ማሕበር ወኪሉ ኣብ ውዕላት፣ ናይ ኩንትራት ውዕሊ ይፍፅም።
መ. ማሕበር ብዘውፅኦቶ ትልምን በጀትን ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይቆፃፀር።
ረ. ብስም ማሕበር ዝግበር ኣታውን ወፃእን ገንዘብ ይፍርም።
ሰ. ብማሕበር ዝተሰርሑ ስራሕቲ ናብ ጠቕላላ ኣባል/ጉባኤ/ ሪፖርት የቕርብ።
ሸ. ነቲ ማሕበር ዘድሊ ግቡእን መሰልን እንትህሉ ንማሕበር ወኪሉ ይኸሰስ/ይኸሰስ።
ቀ. ዝኸፈል ግብሪ/ ካልኦት ክፍሊታት እንትህሉ ተኽፃሚሩ የተግብር ናይቲ ማሕበር ምምሕዳራዊ ስራሕቲ እንትህሉ ብላዕለዋይነት ይመርሕ።

18.2 **ም/ኣ/መንበር**

ሀ. ብጠቕላላ ጉባኤ ይምረፅ።
ለ. ኣቦ ወንበር ኣብ ዘይብሉ ተኪኡ ይሰርሕ።
ሐ. ብኣመራርሓ ዝተወሃቦ ተወሳኺ ሓላፍነት ተቐቢሉ የተግብር።
መ. ብስም ማሕበር ዝግበር ኣታውን ወፃእን ገንዘብ ይፍርም።

18.3 **ፀሓፊ**

ሀ. ብጠቕላላ ጉባኤ ይምረፅ።
ለ. ናይታ ማሕበር መረዳእታ ብዝግባእ ይሕዝ።
ሐ. ናይ ኣባላት ማሕበር መዝገብቲ ኣዕፊፉ ይሕዝ።
መ. ዝተፈላለዩ ኣታውን ወፃእን ደብዳቤታት ፋይል ከፊቱ ክትሓዝ ይገብር።
ረ. ጠቕላላ ጉባኤ ኣመራርሓ ኣካላት ዝወሰኖ ውሳነታት ኣብ ቃለ-ጉባኤ የስፍር።
ሰ. ማሕበር ዝኣተወቶም ውዕልታት ብጥንቃቀ ኣብ ፋይል የቕምጥ።
ሸ. ብማሕበር ዝተቖፀሩ ስራሕተኛታት የማሓድር ዝፍፀሙ ስራሕቲ የፈፅም /ድስፕሊን ስራሕቲ ይቆፃፀር።
ቀ. ኣቦ ወንበርን ም/ኣ/ ወንበርን ኣብ ዘይብሉ ተኪኡ ይሰርሕ።

18.4 **ሒሳብ ሽም**

ሀ. ብጠቕላላ ጉባኤ ይምረፅ።
ለ. ናይቲ ማሕበር ሒሳብ ንምዕፋፍ ናይ ሒሳብ መዛግብቲ ካርኒታት ናይ ንብረት መዛግብቲ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ የዳልው።
ሐ. ናይታ ማሕበር በጀት ኣታውን ወፃእን ሒሳብ ይቆፃፀርን ይምዝግብን።
መ. ኣታውን ወፃእን ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብምድላው ንፈርማ የዳልው።
ሰ. ኣታዊ ይኹን ወፃኢ ናይታ ማሕበር በጀት ብናይ ሒሳብ ሰነዳት የመዝግብ።



1. 2. 3. 4. 5.

18.5 ገንዘብ ተሓዚ

ሀ. ብጠቕላላ ጉባኤ ይምረፅ።
ለ. ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝርከብ ኣታዊ ብስም እቲ ማሕበር ኣታዊ ደረሰይ ይቖርፅ።
ሐ. ዝተኸፈለሎም ይኹን ቅብሊት ዝተኻየደሎም ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብጥንቃቐ የቕምጥ።
መ. ኣብ ኢዱ ከፅንሕ ካብ ዝተኣዘዘ ገንዘብ ወፃኢ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ባንኪ ክቕመጥ ይገብር።
ረ. ዝተኣዘዙ ኣታዊ ይኹን ወፃኢ ናይ ዝምልከቶም ኣካላት ፊርማ ምህላዉ የረጋግፅን ዝምልከቶም ኣካላት ክሕዝዎ ይገብርን።
ሰ. መመዝገቢ፣ ወርሓዊ ክፍሊት ይኹን ካልኦት ክፍሊታት ዝተቐበሎ ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ባንኪ የእትው።

ዓንቀፅ 19. ቁፅፅር ኮሚቴ

ሀ. ቁፅፅር ኮሚቴ ብኣብዝሓ ድምፂ ዝምረፅ ኮይኑ ተፀዋዕነቱ ንጠቅላላ ጉባኤ እዩ
ለ. ተመረፅቲ ኣካላት ናይ ስራሕ ዘመን 4ተ ዓመት ኮይኑ እቲ ኣባል ኣብ ዘየድልየሉ እዋን ክውርዶም ይኽእል፡፡ ቁፅፅር ኮሚቴ ኣብ ስርሑ ብቁፅ እንተኮይኑ ንካልኣይ ግዜ ብተኸታታሊ ክምረፅ ይኽእል
ሐ. 3ተ ኣመራርሓ ይህልዉ ናይ ባዕሎም ናይ ስራሕ ድልድል ካዓ ይገብሩ
መ. ኣ/ወንበር ፣ ምክትል ኣቦ ወንበርን ፀሓፊን ተባሂሎም ናይ ስራሕ ድርሽኦም ይማቐሉ

ዓንቀፅ 20. ስልጣንን ተግባርን ቁፅፅር ኮሚቴ

ሀ. ኣመራርሓ ኣካላት ብጉባኤ ዝተወሃቦም ስልጣን ኣብ ተግባር ምውዓሉ ይካታተል።
ለ. ናይ ማሕበር ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ይቆፃፀር፣ እንተድኣ ኣድላይ ኮይኑ ተረኺቡ ናይታ ማሕበር ናይ ንብረት ቆፀራ ይገብር።
ሐ. ናይ ማሕበር ዝፈፀመቶም ስራሕቲ፣ ዝገበረቶም ወፃእታትን ሕጋውነት ዘለዎም ምኳኑ ይከታተል /ሰነዳት ምምልኡ ይፍትሽ።
መ. ናይ ማሕበር ሃፍቲ ብኣግባቡ ኣብ ጥቅሚ ዝወዓለ ምኳኑ ብምቁፅፃር ብኽነት ከይህሉ ይከላኸል።
ረ. ኣብ ኣመራርሓ ዝረኣይ ስሕተት ብእዋኑ ሓበሬታ ይህብ ተቐባልነት እንተስኢኑ ንጠቓላላ ጉባኤ ብሪፖርት መልክፅ የቕርብ።
ሰ. ናይ ማሕበር ምንቅስቓስ ሪፖርት ኣድላዩ እንተኾይኑ ንጠቕላላ ጉባኤ የቕርብ።

ዓንቀፅ 21. ናይ ሃፍቲ ምትእኽኻብ ኮሚቴ

ሀ. ናይ ኮሚቴ ኣባላት ብጠቕላላ ጉባኤ ይምረፅ።
ለ. ናይ ኣባላት ግልጋሎት ዘመን 4ተ ዓመት ይኸውን።
ሐ. ኣ/ወንበር ፣ ምክትል ኣቦ ወንበርን ፀሓፊን ተባሂሎም ናይ ስራሕ ድርሽኦም ይማቐሉ።

ዓንቀፅ 22. ብዛዕባ ሒሳብ ሰነዳትን መዛግብትን

ሀ. ካብ ኣባላትን ደገፍትን ዝውህለል ገንዘብ ኩሉ ግዜ ኣብ ባንኪ ኣታዊ ይኸውን።
ለ. ኣብ ኢድ ገንዘብ ተሓዚ ንመጠባበቒ ክተሓዝ ዝኽእል ክሳብ 10,000 ብር /ዓሰርተ ሽሕ/ ዝኣክል ገንዘብ እዩ።
ሐ ገንዘብ እንትንቀሳቐስ ብቼክ ብምሓዝ ምጥቃም ይግባእ።

መ ዝኾነ ካብ ኣባል ይኹን ካብ ካልኦት ፍልፍል ኣታውታት ዝርከብ ገንዘብ ብስሩዕ ካርኒ ኣታዊን ወፃእን ይኸውን።

መ. ገንዘብ ተሓዚ ዝግበር ናይ ገንዘብ ኣታውን ወፃእን መዓልታዊ መመዝገቢ መዝገብ ክህልዎ ገይርካ ገንዘብ ብዘይካ ውክልና ካሊእ ገንዘብ ክሕዝ ኣይፍቀደን ገንዘብ ድማ በቢግዚኡ ክወራረድ ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 23. <u>ብዛዕባ ሒሳብ ምርመራ ዝምልከት</u>

ሀ. እታ ማሕበር ዘለዋ ሒሳብ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ኦዲት ትግበር።

ለ. እቲ ኦዲት ሪፖርት ናብ ጠቕላላ ጉባኤ ቐሪቡ ዝተረኣየ ትርፍን ኪሳራን ይግምገም፣ ጉድለት እንተጋጢም ከመይ ከም ዝምለስ ኣሰራርሓታት የንፅር።

ሐ. እቲ ማሕበር ናይ ሒሳብ ምርመራ ምስተኻየደ ዝምልከቶ ኣካል ክፍልጥ ይግበር።

መ ኮነ ተባሂሉ ኣብ ንብረትን ገንዘብ ማሕበር ምጥፍፉእ ዝፈፀመ ኣመራርሓ ይኹን ኣባል ብሕገ ደንቢ መሰረት ምሕታት ከም ዘሎ ኾይኑ ብገበንን ፍታብሄርን ብናይ መንግስቲ ሕጊ ክጥየቕ ይኽእል።

### ዓንቀፅ 24. <u>ብዛዕባ ኣበልን ካልኦት ክፍሊታትን</u>

ሀ. ናይ ማሕበር ኣመራርሓ ኣካላት ንዝገብርዎ ኣስተዋፅኦ መሃያ ይኽፈሎም።

ለ. ኣብ ናይ ማሕበር ምንቅስቓስ እንትህልው ውዕሎ ዓበይ፣ ትራንስፖርት /ኣበልን/ ይኽፈሎም ናይ ኣከፋፍላ ስርዓት ብኣመራርሓ ኣካላት ይወፅእ ኣብ ጠቕላላ ጉባኤ ይፀድቕ።

### ዓንቀፅ 25. <u>ናይዛ ማሕበር ናይ በጀት ዓመት</u>

በጀት ዓመት ናይዛ ማሕበር ካብ ሓምለ 1 ክሳብ ሰነ 30 ይኸውን።

### ዓንቀፅ 26. <u>ብዛዕባ ኣወሳስና ክርክር</u>

ሀ. ጉዳያት ብዕርቂ ምውዳእ በዚ መተሓዳደሪ ደንቢን /ዓንቀፅን- - - - - - - - - ዝለዓለ ክርክራት ቅድሚ ናብ ሕጊ ምቕራቦም ተከራኸርቲ ወገናት ብዝመርፅዎም 3 ወገን ብዕርቂ ይረእይ።

ለ. ብዕርቂ ዘይተወድኡ ነገራት ናብ ሽምግልና ዳይነት የምርሕ ኣፈፃፅመኦም ነዚ ዘፈፅም ደንቢ ናይ ክርክር ስርዓት ኣተኣላልያ ስራሕ ፈፀምቲ ወፂኡ ብጉባኤ ይፀድቕ።

ሐ. በዚ ዝወፅእ ናይ ክርክር ስርዓት ኣተኣላልያ መሰረት ነዞም ዝፍጠሩ ክርክራት ዝዳንዩ 3 ኣባላት ዘለውዎ ፈራዳይ ኣካል ይጣየሽ።

### ዓንቀፅ 27. <u>ናይ ክርክር ስርዓት ኣተኣላልያ ዳኝነት ዝቐርብ ክርክራት</u>

ሀ. ውልቀ ኣካል ካብ ናይ ማሕበር ንብረት ገንዘብ ወሲዱ ብዘይ ኣገባብ እንተተጠቒሙ።

ሐ. ማሕበርተኛ ንማሕበር ዝጎደእ /ጥቅሚ ዝፃረር/ ስራሕ እንድሕር ፈፂሙ።

መ. ማሕበር ዘውፀኦቶም ደንብታት ጥሒሱ እንተተረኺቡ።

ረ. ኣብ መንጎ ኣባላትን ኣመራርሓ ኣካላትን ኣብ ውሽጢ ማሕበርተኛ ዝለዓል ክርክር ዝርአዩ ይኽእሉ።

ዓንቀፅ 28. ማሕበር ዝፈርሰሉ ኩነታት

ሀ. ብጠቕላላ ኣባላት ብፉሉይ ውሳኔ ክፈርስ እንትውስኑ።
ለ. ናይ ማሕበር በዝሒ ትሕቲ 10 እንትኾይኑ።
ሐ. ንሕጊ ዝፃረር ካሊእ ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ እንትህሉ ንምፍራስ ዝውሰን ኮይኑ እቲ ውሳኔ ንምውሳን ጭቡጥ መረዳእታ ክህሉ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 29. ናይ ደንብታት ትርጉም

ኣብዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ዘካትዕ ሓሳብ /ቃል/ እንትፍጠር ናይ ጠቕላላ ጉባኤ ዝህቦ ትርጉም ናይ መወዳእታ ይኸውን።

ዓንቀፅ 30. ብዛዕባ ካልኦት ንኡሳን ኮሚቴታት ምምራፅ ይምልከት

ሀ. እዚ ማሕበር እዚ ነዚ ማሕበር ክጠቕሙ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም ንኡሳን ኮሚቴታት በቢግዚኡ እናረአየ ክመርፅ ይኽእል እዩ።

ዓንቀፅ 31. ደንብታት ምምሕያሽ

- እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ዝመሓየሽ ብጠቕላላ ጉባኤ ክመሓየሽ ኣለዎ ኢሉ እንትውሰን እዩ።

ዓንቀፅ 32. ብዛዕባ ውሽጢ ደንብን መምርሕን ምውፃእ

ኣመራርሓ ኣካላት ካብዚ ጠቕላላ መተሓዳደሪ ደንቢ ብምብጋስ ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ዝርዝር ተግባራት ዝፍፅም ውሽጣዊ ስረትን መምርሕን የዳልው። እዚ እውን እዞም ዝስዕቡ የካትት፥
ሀ. ብዛዕባ ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ኣኼባታት ምክያድ፥
ለ. ብዛዕባ እዚ ማሕበር ኣንፈት ኣፈፃፅማ ስራሕን፥
ሐ. ብዛዕባ ኣከፋፍላ ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን፥
መ. ብዛዕባ ቅፅዓታት ምውሳን ዝምልከትን ካልኦት ንውሽጣዊ ስረት የውፅእ።



1. 2. 3. 4. 5.